# ሰንበት ዘደመና

## ሓምለ 23 2015 ዓ.ም. (7/30/2023)

**መዝሙር፡** በቀዳሚት ገብረ እግዚአብሔር ሰማየ ወምድረ ወኵሎ ፈጺሞ አዕረፈ. . እግዚአብሔር ብመጀመርያ ሰማይን ምድርን ፈጠረ ኵሉ ምስ ፈጸመ ብሰንበት አዕረፈ። ብጊዜ ማይ አይኒ እግዚአብሔር ንኖኅ እትድሕነላ መርከብ ሥራሕ ንምድሪ እንደገና ብማይ አይኒ ከየጥፍአ አነ ምሳኻ ንዘለዓለም ኪዳን ክአቱ እየ። ንምድሪ እኽላን ሣዕርን ሓጋይን ክረምትን ዘርእን ዓጺድን ክህብ እየ። ብሓቂ በረኸት እግዚአብሔር እዚ እዩ። ንሱ ነቲ ዝበሎ ቃል አይጠልምን እዩ።

**ንባባት፡** 2ቆሮ. 9፡1-ፍ፤ 1ጴጥ 3፡15-ፍ ግ.ሓ. 27፡21-33፤ ሉቃ 17፡22-ፍ።

**ምስባክ፡** ዘያበቊል ሣዕረ ለእንስሳ ወሓመልማል ለቅኔ ዕጓለ እምሕያው፥ ከመ ያወፅእ እክለ እምድር። መዝ 104፡14-15። ካብ ምድሪ መግቢ ምእንቲ ኺረከብ ንእንስሳ ዚኸውን ሣዕሪ ንጥቕሚ ሰብ ከአ ተኽሊ አብቆልካ።

ሰንበት ዘደመና፡- ካብ ሰነ 25 ክሳብ መስከረም 25 ዘሎ እዋን ዘመነ ክረምት ኢልና ንሰምዮ። አብ ማእከሉ ዘዘርእ፥ ዘጠል ዘደመና ዘነጊድጓድ ዘመብረቕ. . . እናበልና ነቲ እዋኑ ብስዘማምዕ ሰሚና ነስተንትን። እዋኑ እዋን ክራማት ስለ ዝኾነ ብዙሕ መልክዕን ኩነታትን ዝርአየሉ እዩ፥ እዋን ክረምቲ ምድረሰማይ ቀጠልያ ለቢሱ ኩሉ ፍጡር ብተስፋ ዝጽበዮ እዋን ሰማይ ብደመናን ነጎዳን በርቅን ዝናምን ናብ ምሉእ ሓጎስ ገጹ ዝእምት ምልክት ዝህበሉ ግዜ ምዃኑ ንምሕባርን ብእኡ መልክዕ ንመንፈሳዊ ሕይወትና ክንጥቀም ዝሕግዝ እዋን ምዃኑ የዘኻኽረና። አብ ግዜ ክረምቲ ኩሉ አብ ስራሕ ተጸሚዱ ፍሉይ እምነት ናብ አምላኽ አንቢሩ ሓረስታይ ብተስፋ ብእምነት ዝሰርሓሉ ግዜ እዩ። ንሰማይ እናጠመተ ንአምላኽ ብፍሉይ ዝልምነሉ ኩሉ ካብ አምላኽ ከምዝመጽእ ብምሉእ እምነት ዝገልጸሉ እዋን እዩ።

ናይ ሎሚ ሰንበት ንባባትና ፍሉይ መልእኽቲ ንፍሉይ ክርስትያናዊ ሕይወትና ዝሕግዝ ዝሓዙ እዮም። ሕይወትና ጉዕዞ እዩ ዝውዳእ ጉዕዞ ግን ምአስ ከምዝውዳእ ዘይፍለጥ ጉዕዞ። ምስንዳው ምትጋህ ንቕሓት ዝሓትት ሕይወት። ነዚ ጉዕዞ ሕይወትና ንባባትና ብዝተፈላለየ መንገዲ ክንሰናደወሊ ክምንኽእል ይሕብሩና።

፩ ቅ.ጳውሎስ አብ ሰብ ቆሮንጦስ አብ ዝጸሓፋ ብዛዕባ አብ መንገ ክርስትያን ዝግበር ሓገዛት ንሕይወትና ናብ ምሕረትን ጸጋ አምላኽን ከብጽሓና ከምዝኽእል ይገልጸልና። አብ አካይያ ንዝነብሩ አብ ቆሮንጦስ ንዝነብሩ ኩሎም ኢዶም ክዝርግሑ አብ ነነድሕዶም አብ ናይ ምትሕግጋዝ መአዲ ክጽመዱ ይልምኖም። ሰብ ቆሮንጦስ አብነት ንሰብ መሶዶንያ ከምዝኾኑ ይጠቕሶም። ወንጌል ስለ ዝተቐበሉ አብ ናይ ሓገዝ አሕዋት ክጽመዱ ሓደራ ይብሎም። ምሕጋዝ ንባዕሉ ካሕሳ እዩ። ነቲ ዝተዋህበካ ትምስክር አሎኻ። ክትህብ እንከሎኻ ተመስግን አሎኻ። ኩሉ ብነጻ ዝህብ ብአምላኽ ጻማኡ ይረክብ። እግዚአብሔር ብነጻ ኩሉ ሂቡና አሎ ንሕና እውን ካብቲ ዝተዋህበና ክንህብ ግቡእና እዩ። ኩልና አመንቲ ናትና ተራ ነቲ ምንጪ ኩሉ ዝኾነ አምላኽ ነቶም ጽጉማት አሕዋትና ክንሕግዝ ከሎና ሽዑ ብዝያዳ ንምስክሮ። ኩሉ ህያባትና ካብ እምነት ክብገስ አለዎ። እቶም አብ ኢየሩሳሌም ዝነበሩ አይሁድ ክርስትያን በቶም ካብ አረምነት ናብ ክርስትና ዝተመልሱ ክሕገዙ እንከለዉ እዚ አምላኽ በቶም አረመን ዝነበሩ ክምዝዓዩ ተገሊጽሎም። በዚ ንአምላኽ አመስጊኖም። ንአምላኽ አብ ምምስጋን ኩሎም ብሓባር ክዓዩ ከምዝግባእ ጳውሎስ አነጺሩ ይዛረብ። ህያብ መግለጺ ፍቕሪ አምላኽ እዩ። እዋናት ክረምቲ ብፍሉይ ንህያብ አምላኽ ክንዝክር እሞ ንሕና እውን ብዓቕምና አብ ምሃብ ክንጽመድ ከም

ዝግብኣና የዘኻኽረና። ቅዱስ ጳውሎስ ሎሚ ጉዕዞና ኣብ ነንድሕድና ምትሕግጋዝ ክንቅጽሎ ይላቦ። ሓገዝ ኣድሕድ መለለይና ክኸውን እንከሎ ሽው ፍቕሪ ሰላም ክነግስ እዩ።

፪ **ቅ.ጵጥሮስ፡** ብዛዕባ ክርስትያናዊ ሓቂ ይዛረብ፥ ክርስትያን ክፍእ ብምግባር ኣይኮነን ስደት ዝልዓለሉ እንታይ ድኣ ንሓቅን ነቲ ኡነተኛ ኣምላኽ ብምእማንን እዩ። ጉዕዞ ሓቂ ካብ ግዜ ጥምቀት ይጅምር ስለዚ ብኻልኦት ምንጻግ ካብ ግዜ ጥምቀት ንተሓሓዞ። ክርትያን ኩሉ ግዜ ብብዙሓት ዝጽላእ ግዳይ ህዝባዊ ናዕቢ እዩ። ክርስትያን ክሕተት ወይ ክኽሰስ እንከሎ ንሓቅን ንእምነቱን ክምስክር ኣለዎ። እቲ ሓቀኛ ምስክርነት ቅኑዕ ሕይወት ምንባር እዩ እዚ ባዕሉ ይዛረብ ሓቂ እንተቐበርካያ እውን ትወጽእ እያ እዚ ነፍስወከፍ ሰብ ኣብ ሕይወቱ ክርእዮ ይኽእል እዩ። ኣብ ዓለም ስቓይ ክህሉ እዩ ክርስትያን ግን ምእንቲ ሓቂ ክሳቐ ኣሰር መምህሩ ክርስቶስ ክጉዓዝ ይግብኦ። ንኹሉ ኣብነትና ኢየሱስ መድሕና እዩ፥ ክርስቶስ ሓንሳእን ንሓዋሩን ምእንቲ ሓጢኣትና ሞተ። ናብ ኣምላኽ ምእንቲ ከቕርበና ጻድቕ ከሎ ምእንቲ እቶም ኃጥኣን ሞተ ብሥጋ ሞተ፥ ብመንፈስ ግና ሕያው ኮነ ይብል። ናይ ክርስቶስ ሞት ሕይወት ዝዘርእ ሞት እዩ። ብኣምሳሉ ናይ ክርስትያን ስቓይ እውን ጽቡቕ ፍረ ይፈሪ። ጥምቀት ናብ ሕይወት ክንነብር ዝጀመርናሉ እዋን እዩ ብኣኡ ናብ ናይ ክርስቶስ ሞት ንሳተፍ። ከምቲ ክርስቶስ ብሥጋ ዝሞተ ግን ብመንፈስ ሕያው ዝኾነ ክርስትያን ከኣ ንሥጋዊ ነገራት ስዒሩ ምስ ትንሣኤ ክርስቶስ ክወሃሃድ ይግብኦ።

ኣብዚ ዓለም ብዘይ ፈተና ጸበባ ክንነብር ኣይክእልን እዩ ኩሉ ግዜ ዝዕንቅፍ ዝፈታተን ክህሉ እዩ ንክርስቶስ ክንርኢ እንተ ኽኢልና ሽው ክንብርትዕ ንሥጋዊ ሞት ክንስዕሮ ኢና። ቅዱስ ጴጥሮስ ንፉዓት ተዋጋእቲ ክንከውን እዩ ዝመኽረና ዘሎ። ንእምነትና ንመገዲ ሓቂ ክንሓድግ ዝፈታተን ልኡኽ ሰይጣን ኩሉ ግዜ ክህሉ እዩ ዘይምዝንጋዕ፥ ንኹሉ ኣለሊኻ ምኽኣል። ቅዱስ ጴጥሮስ ጉዕዞ ሕይወትና ፈተና መስቀል ዝፈታተን ነገራት ከምዝገጥሞ እሞ ክንብርትዕ ብፈተናን ጸበባን ተሸኒፍና ንእምላኽ ከይነጉሂ የስተምህረና። ምእንቲ ሓቂን እምነትነ ምማት ሕይወት ይዘርእ። መንፈሳዊ ዘርኢ ክንዘርእ እሞ ነቲ እንዘርኦ ጸላኢ ቁልላሕ ከይሕውሰሉ ምትጋህን ምጽህያዩን ከም ዘድሊ የስተምህረና።

፫ *ወንጌል ሉቃስ፥* ብዛዕባ ዳግማይ ናይ ወድሰብ ዳግማይ ምጽኣትን ብእዋኑ ዝነበረ ባህልን ብምሳሌ ገሩ ይዛረበና። ኣብዚ ነዚ ዝስዕብ ነገራት ነገራት ክንርኢ ንኽእል፡

1. **ግዜ ክመጽእ እዩ ገለ ክርስትያን ንምጽኣት ክርስቶስ ብሃንቀውታ ዝጽበይዎ።** ከምቶም ሰማዕታት ቅዱሳን ዓው ኢሎም ክሳብ ምዓስ (ራእይ 6፡10) ዝብልዎ ክብሉ እዮም። ግን ናይ ትዕግስቲ ሽምዓ ክውልዑ ክምሃሩን ክጽበይን ኣለዎም። ኣምላኽ ብናቱ ጊዜ እዩ ዝዓዪ።

2. **ምጽኣት ክርስቶስ ርግጽ እዩ፥** ግን ምኣስ ከምዝኾነ ኣይፍለጥን እዩ። ምግማት ርግጽነት ኣይህበናን እዩ። ሰባት ብግዚኦም ንዝወርድ ጸገማት ርእዮም መወዳእታ ግዲ በጺሑ ዝብሉ ኣለዉ፥ ገለ (ከኒሻ) ርግጽ ኮይኖም ዝተዛረቡ ናይ እዋና ሓቂ እዩ። ሰባት ብሓሶት ንብዙሓት ከታልሉ እዮም። ኣብዚ ዓመት ኣብ ኡጋንዳ ኣብ ሓደ ዓዲ ዝነበሩ ሓደ ቀሺ እየ ብሃላይ መወዳእታ ዓለም ቀሪቡ እዩ ንጎይታ ኣብ ኢትዮጵያ ኢና እንቕበሎ ኢልዎም ብምልኦም ዝግዓዙ ኣለዉ፥ ብብዙሕ ይዝረበሎም ቀንዩ ከሲሮም ንዓዶም ተመሊሶም። ነዚ ኣብ መንጎ ሩስያን ኡክረይንን ምልክት ዳግማይ ምጽኣት ገሮም ዝርእዩ እውን ኣይወሓዱን። ግን ከምዚ ዝኣመሰለ ኣብ ታሪኽ ብተደጋጋሚ ተሰሚዑን ተራእዩን እዩ። ግን እቲ ዝበለጸ ብእምነትን ትሕትናን ሕይወትና እናመራሕና ክርስቶስ ከምጽኣና እንተ ተጸበና እዩ እቲ ዝበለጸ። ሓድ ዓቢ ተርጓማይ ከምዝበሎ፥ ወላ ሓደ ሰብ ኣቐዲሙ ኣይክርእዮን እዩ፥ ግን ኩሎም ሰባት ክርእይዎ እዮም።

3. **እታ መዓልቲ ምስ መጸት ፍርዲ ኣምላኽ ክጅምር** እዩ። ክልተ ሰባት ምሉእ ሕይወቶም ብሓንሳብ ዝነብሩ ዝነበሩ ሓደ ክውሰድ እዩ እቲ ሓደ ክተርፍ እዩ። ኣብዚ ክንርእዮ እንኽእል ጥቡቕ ርክብ ምስ ሓደ ሰብ ድሕነትና ኣየውሕሶን እዩ። ወላ ሓደ ንሓዉ ከድሕን ዝኽእል የለን። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብሓውና ወይ ሓፍትና ዝገበሮ ክን ድሕን ኣይክእልን እዩ። ኣንስቶም ብዝገብርዎ ጸሎት ኣሰብኡት ክድሕኑ ኣይክእልን ገግብርኻ እያ። ግቡእና ብውክልና ክንገብሮ ኣይክእልን እዩ። ብዙሕ ጊዜ ንሓደ ክወስድዎ ነቲ ሓደ ክሕድግዎ እዮም።

4. **ኢየሱስ እዚ ኹሉ ምእስ ክኸውን እዩ ኢሎም** ምስ ሓተትዎ ነቲ ብግዚኡ ዝነበረ ፍሉጥ ምሳሌ እናጠቐሰ ኣብቲ ገምቢ ዘለዎ ኣሞራታት ናብኡ ኺእከቡ እዮም ኢልዎም። እዚ ማለት ከአ ነገራት ክኾኑ እዮም እቶም ኣድለይቲ ነገራት ምስተማልኡ። ንእና ኣምላኽ ንኢየሱስ ክርስቶስ  ዳግም ከምጽኦ እዩ ኣብቲ ንሱ ዝመደቦ ጊዜ። ነቲ ጊዜ ክንፈልጦ ኣይንኽእልን ኢና፥ ክንግምቶ እውን ኣይንኽእልን ኢና። ኩሉ ጊዜ ከምዝመጽእ ገርና ክነብር ይግብእና፥ ንጋሆ ድዩ ቀትሪ ወይ ምሸት ክምጽእ እንከሎ ዝተሰናዶና ኮና ክንጸንሖ ኣሎና።

ክርስቶስ ባዕሉ ከምዘስተምህረና እምብኣር ኣብ ምጽኣቱ ሰባት ኣብ ክልተ ክምቀሉ እዮም። ዳግማይ ምጽኣት ምእስ ምዃኑ ኣይፍለጥን፥ ምጽኣቱ ሃንደበታዊ ክኸውን እዩ፥ ኣብ ግዜ ዳግማይ ምጽኣት ጽቡቕ ዝገበሩ ንመንግስተ ሰማያት ክፉእ ዝገበሩ ኸአ ንገሃነም እሳት ክኸዱ እዮም። እምብኣር ሕጂ እውን ካባና ዝድለ ዘሎ ምንቃሕ የድሊ እዚ ኸአ ኩሉ ግዜ ኣብ ኣገልግሎት ኣምላኽ ምጽማድ ኩሉ ክርስትያናዊ ግቡእካ ምምላእ። ነዚ ከረድእ ናይ ኖህን ብግዚኡ ዝነበሩ ሰባትን ይጠቅስ። ማይ ኣይሂ ብዘይተሓሰበ መጺእዎም፥ ክልተ ሰባት ኣብ ግራት ክጽንሑ እዮም ዝብል ከምኡ ክልተ ኣንስቲ ብሓደ ክጥሕና ክጽንሓኦም እየን እናበለ ንዝመጽእ ፍልልያት ይገልጽ። እታ ዝመጽኣ መዓልቲ ስለ ዘይትፍለጥ ኩሉ ግዜ ንቐሑ።

ሉቃስ ጉዕዞ ሕይወትና ክውዳእ ምዃኑ ግን ምእስ ምዃኑ ስለ ዘይፍለጥ ኩሉ ግዜ ብንቕሓት ክንጽበ ከምዘሎና ይነግረና። ንሕና ብባህርና ተዛነይቲ ኢና ንዝንግዕ ሽዑ ካብ ኣምላኽ ርሒቕና ከሎና መዓልቲ ጸብጻብ ትመጽና። ሎሚ ብየማንዶ ብጸጋም ክንከውን እንውስነላ እዋን እያ። ክንፍረድ ኢና ጸብጻብ ክንህብ ኢና። ሽዑ ኩሉ ዝገበርናዮ ኃጢኣት ክንፍረደሉ ኢና ሽዑ እነቕርቦ ምኽንያት ኣይክህሉን እዩ። ነዚ ኣስተንቲና ኣብ መገዲ ኣምላኽ እንምለሰሉ ሕይወት ንልበስ። እሙንን ሕያዋይን ኣገልጋሊ ብውሑድ ተኣሚንካ ኢኻሞ ናብ ብዙሕ እሸመካ ኣሎኹ ንዝብል ቃል ሕይወት ንምስማዕ ሕይወትና ሰሪዕና ኣብ ጸጋ ኣምላኽ ተኣሚና ብተስፋ ንንበር።

***መደምደምታ*:** ስሩዕ ክርትያናዊ ሕይወት ሒዝካ ምጉዓዝ፥ ጉዕዞ ሕይወት ቅንዕና፥ጸሎት፥ጻዕሪ፥ ምጻር መስቀል ከምዘድልዮ ምርዳእ። ኣብ ጉዕዞ ፈተና ክበድ ከምዘሎ ምሕሳብ። ከይሰልከኻ ነቲ ከኣልኩሉ ኣምላኽ ሓግዘኒ ምባል። ንዝኾነ ፈተና መንፈስ ኣምላኽ ከየጥፋእካ ምግጣሙ። ንኹሉ ካብ ኣምላኽ ክፈልየና ዝመጽእ ፈተና ይኹን ካልእ ነገራት ምግጣሙ፥ ኢድካ ብቐሊል ዘይምሃብ። ኣሰር ክርስቶስ ኩሉ ግዜ መስቀልካ ሒዝካ ምጉዓዝ ሽዑ ኣኽሊል ዓወት ክትጭብጥ ኢኻ።

**ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ**